# ሰንበት ዘደብረ ዘይት

መጋቢት 14 2017 ዓ.ም. (3/23/2025)

## መዓልቲ ጎይታ ከም ሰራቒ ኾይና ክትመጽእ እያ

መዝሙር፡ እንዘ ይነብር እግዚእነ ውስተደብረ ዘይት...ብዙኃት ብስመይ አነ ክርስቶስ እየ እናበሉ ክመጹኹም እዮም እሞ ከየስሕቱኹም ተጠንቀቑ ተሰናዲኹም ጽንሑ። እቲ ክሳብ መወዳእታ ተዓጊሱ ዝጸንሕ ንሱ ኪድኅን እዩ። ወዲ ሰብ ኪመጽእ እንከሎ ሓይሊ ሰማያትን ምድርን ኵሉ ክካወስ እዩ። ሽዑ ኃጢአተኛታት ምድሪ ኩሎም ኪበኽዩ እዮም፥ ሻቡ እግዚአብሔር ብትእዛዙን ብቓሉን ብአእላፋት መላእኽቱን ተዓጂቡ ብቃንዳ መለኽት ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ክወርድ እዩ። ንሱ ዋና ሰንበት ገባር ሕይወት አቦ እዩ እሞ በታ ስዓት እቲአ ካብ ሞት ኃጢአት ይምሓረና።

ንባባት፡ ፩ተሰ 4፡13-ፍ፥ ፪ጴጥ 3፡7-ፍ፥ ግ.ሓ. 24፡1-21፥ ማቴ 24፡1-28።

ምስባክ: እግዚአብሔርሰ ግሃደ ይመጽእ ወአምላክነሂ ኢያረምም፥ እሳት ይነድድ
ቅድሜሁ ‘እግዚአብሔር ግልጺ ኮይኑ ክመጽእ እዩ፥ አምላኽና ክመጽእ
እዩ ሱቕ እውን አይብልን እዩ፥ ሓዊ አብ ቅድሚኡ ይቃጸል መዝ.50:3

ናይ ሎሚ ሰንበት ንባባትን መዝሙርን ብዛዕባ ምጽአት ጎይታና ይዛረብ። አብ ወንጌል ማቴ ዘሎ ኢየሱስ ነቶም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ ብዛዕባ አብ መወዳእታ ዝኸውን ነገራት እናተዛረበ እንከሎ ሰለስተ ዝተተሓሓዘ ነገራት እዩ ነጊርዎም። 1. ብዛዕባ ዕንወት ኢየሩሳሌም (ብወተሃደራት ንጉስ ቲቶ ብ70 ዓ.ም.)፥ 2. መወዳእታ ዓለም፥ 3. ዳግማይ ምጽአት ክርስቶስ። ነዚ ሰለስተ ነገራት ክንጽበ ከሎና ኩሉ ጊዜ ነቒሕና እናጸለና ክንጽበ ከምዘሎና ይነግረና።

ሰብ አብዚ ዓለም ልዕሊ ኹሉ ዘሰክፎ ናይ ሕይወቱ መወዳእታ ዕጫ እዩ። ኩልና ከም እንመውት ንፈልጥ ኢና ግን ከምዚአ ነገር ገርና እንዝንግዓ ኸአ የላን ደፊርና ከምዘይንመወት ኮና ንኽፍአትን ካብ አምላኽ ዘርሕቐና ነገራት እናገበርና ንነብር። አብዚ ጾም አርብዓ ንኹሉ አወንዝፍ አቢልና ብዛዕባ መወዳእታ ሕይወትና ክንሓስብ ግቡእ እዩ። ሓንቲ መዓልቲ ክመውት እየ ስለዚ ተቐሪበዶ አሎኹ ኢልና ክንሓስብ የድልየና።

አብ ታሪኽ ክርስትናና እንተ ርኤና አብተን ቀዳሞት ዘመናት ነዞም ሰለስተ ነገራት ብሓደ አተሓሒዞም ይርእዩዎም ስለ ዝነበሩ ንዝነብሮም ርድኢት መወዳእታ ዓለም ቀይርዎ ነሩ። ምዕናው ኢየሩሳሌምን ቤተ መቕደስን ከም ምልክት መወዳእታ ዓለም ከምዝቐረበ ገሮም ይወስድዎ ነሮም። ቅዱስ ጳውሎስ አብ ሰብ ተሰሎንቁ አብ ዝጸሓፎ ርድኢቱ ግጉይ ከምዝነበረ ይገልጽ። አብቲ ዘርእይዎ ዝነበሩን ዝገጥሞም ዝነበረን ርድኢቶም ብዛዕባ መወዳእታ ዓለም አብ ግዚኦም ከምዝፍጸም ይአምኑ ነሮም። ኢየሱስ ግን ሓደ ግሉጽ ነገር ጥራሕ ቅድሚ መወዳእታ ዓለም ከምዝኸውን ነጊሩ ነሩ፥እዚ ኹሉ ቅድሚ ምኧኑ ወንጌል አብ ኩሉ ክበጽሕ አለዎ ኢልዎም። አበሰርቲ ወንጌል ነፍስወከፍና ኢና። አብ ኩሉ ክነብጽሖ ናይ ኩልና ተልእኮ እዩ።

ወንጌል እናተሰብከን ዓለም ቅድሚ ምውድኡ አብ ኩሉ ክበጽሕ ከምዘለዎን፥ ቤተ ክርስትያን ክትሓልፎ ዘለዋ ኩሉ ዝተፈላለየ ፈተናታትን ጸገማትን አቐዲሙ ነርድእቱ ነጊርዎም እዩ፥ ግን ኩሎም ዝርአዩ ጸገማት ምልክት መወዳእታ ዓለም እዮም አይበሎምን። ብዙሓት ምስ ዘመና

ዝኅነፍ ጸገማት ብምርኣይ መወዳእታ ዓለም ቀሪቡ እዩ እናበሉ ዘይናቱ መገዲ ዝነግሩ ብፍላይ ኣብ እዋና ኣይወሓዱን ኣለዉ ስለዚ ርኢኻ ምኽኣል የድሊ። እዚኦም ኣብ ኩሉ ጉዕዞ ክርስትያናዊ ሕይወት ዝገጥሙ ፍጻሜታት ምኽኖም ታሪኽ ይነግረና።

ኣብ ትምህርቲ እምነትና ብዛዕባ ናይ ደቂ ሰብ መፈጸምታታት ክልተ ነገር ኣለዉ ብዝያዳ ክነስተውዕለሎም ዘሎና።

- ኣብ ሞት ነፍስወከፍና መወዳእታትና እዩ፥ ምስ ሞትና ሽው ጸብጻብ ሕይወትና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ነቕርብ። ኣብ ዳግማይ ምጽኣቱ ምስ ክርስቶስ ዚግበር መወዳእታ ርክብ እዩ ዚጥምቶ። ግና ኸአ ነፍስወከፍ ብኡብኡ ብድሕሪ ሞቱ ብመጠን ተግባራቱን እምነቱን ዓስቡ ከምዝቕበል፥ ሓዲስ ኪዳን ደጋጊሙ ዜረጋግጾ እዩ። ናይቲ ድኻ ኣልኣዛር ምሳሌ ኮነ፥ ኣብ መስቀል ኮይኑ ኢየሱስ ነቲ ብየማኑ ዝተሰቕለ ሰራቒ ዝበሎ ቃላት ኩሉ ኣብነት እዩ። ነፍስወከፍ ሰብ ኣብ ጊዜ ሞቱ ንሕይወቱ ምስ ክርስቶስ ብዘነጻጽር ብናይ ፍላይ ፍርዲ፥ ኣብታ ዘይትመውት ነፍሱ ዘለዓለማዊ ቅጽዓቱ ይቕበል። (ሓ/ት/ክ 1021/1022)። ሰብ ብግሉ ድሕሪ ሞቱ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ስለ ዝቐርብ ክሰናደወሉ ከምዝግባእ ክፈልጥ ኣለዎ። ከይተሰናዶኻ ሞት ከም ሰራቒ ከይተመጽኣካ ዓቢ ምስትውዕል ይሓትት።
- ሓባራዊ ፍርዲ፡ ኣብ መጨረሽታ ዓለም ሓባራዊ ፍርዲ ኣሎ። ቅድሚ ናይ መወዳእታ ፍርዲ ትንሣኤ ሙታን ማለት "ናይ ጻድቃንን ኣጥኣንን ክልቲኦም ትንሣኤ (ግ.ሓ. 24፡ 15) ኪፍጸም እዩ። እዚ ኸአ "እቶም ኣብ መቓብር ዘለዉ ኵላቶም ድምፁ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ. . . . . ሽው እቶም ሠናይ ዝገበሩ ናብ ትንሣኤ ሕይወት እቶም ክፉእ ዚገበሩ ድማ ናብ ትንሣኤ ኵነኔ ኪኸዱ እዮም (ዮሓ 5፡28-29) ድሕርዚ ክርስቶስ ብኽብሩ ኪመጽእ እዩ፥ ኵሎም መላእኽቱዉን ምስኡ. . . . ኵሎም ኣሕዛብ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ኪእከቡ እዮም። ጓሳ ነባግዕ ካብ ኣጣል ከምዝፈላሊ ከምኡ ከአ ንሱ በብወገኖም ኪፈልዮም፥ ነባግዕ ብየማኑ፥ ነጣል ብጸጋሙ ኬቕውም እዩ. . .. . . ሽው እዚኣቶም ናብ ናይ ዘለዓለም ቅጽዓት፥ ጻድቃን ግና ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ኪኸዱ እዮም (ማቴ 25፡31፥32፥46)። እቲ መወዳእታ ፍርዲ ዚኸውን ክርስቶስ ብኽብሪ ምስተመልሰ እዩ። ነታ ዕለትን ሰዓትን ዚፈልጣ ግን ኣቦ ጥራሕ እዩ። ናይ እቲኣ ዕለት እቲኣ ምጽኣት ዚውስን ከአ ንሱ ጥራሕ እዩ . . . .(ሓ/ት/ክ 1040)።

እዚ ሎሚ ዝተነበ ቃል ኣምላኽ ክንፈርሕ ኣይኮነን ተጻሒፉ ጉዳይ ሰማይ ከገድስና ስለ ዘልኦ እዩ። ቅ.ጳውሎስ ግና ኣጎዋተይ ከምቶም ተስፋ ዘይብሎም ካልኦት ምእንቲ ኸይትኃዝኑ ብዛዕባ እቶም ዝሞቱ ኽትፍለጡ እደሊ ኣሎኹ. . . . ኣምላኽ ነቶም ንኢየሱስ ኣሚኖም ዝሞቱ ምስኡ ኸም ዘተንሥኦም ንኣምን ኢና (1ተሰሎ 4፡13-14)፥ እናበለ ቅድሚ ሞት ክህልወና ዝግብኦ ርድኢትን ኩነትን ይነግረና። ጳውሎስ ኣብ ግ.ሓ. ንዝቐረቦ ክሲ ክምልስ እንከሎ ከምቲ ንሳቶም ዚትስፈዉዎ ኣነውን ጻድቃንን ኃጥኣንን ካብ ሞት ከምዚትንሥኡ ኣብ ኣምላኽ ተስፋ ኣሎኒ፥ ስለዚ ኸአ እየ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኮነ ኣብ ቅድሚ ሰብ ብንጹሕ ሕልና ኽነብር ዝጽዕር ዘሎኹ (24፡15-16) ይብል።

ሓዋርያ ጳውሎስ ናይ ሓደ ክርስትያን ሕይወት መለለይኡ ስንድዉ ዕጡቕ ክኸውን ከምዘለዎ እሞ ብሃንደበት ሞት እንተ መጽኣት ዘፍርሕ ዘይብሉ ኮይኑ ክነብር እዩ ዘልኦ ይብለና። ንሕና ዘንጋዕትን ከምኡ ዋኒን ዓለምን ጣዕሙን ዓዚዙና ኣብ ካልእ ኣተኩርና ኢና ንነብር። እዚ ሕማም ካብ ቀዳሞት ወለድና ዝወሰድናዮ እዩ። ኣብ ውድቀት ኣብ ጥልመት ዝዘንበልና ኢና። ስለዚ

ንቕሓት ምስትውዓል የድልየና። ጊዜ ጾም ብዝያዳ ጉዕዞ ሕይወትና ርኢና ክንክእል፥ እዚ ምድራዊ ሕይወትና ሓደ መዓልቲ ዝውዳእ ምኳኑ አብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ አምላኽ ጸብጻብ ክንህብ ከምዝኾና ክንሓስብ ዝሕግዘና እዋን እዩ።

ጉዕዞይ ከመሎ አትኩሮይ አበይ እዩ ዘሎ ኢልና ክንሓስብ ንሕተት አሎና። ዓለምን ሰይጣንን ተዓዊቶምልና ከይህልዉ ክንበራበር እሞ አድራሻና አብ መገዲ አምላኽ ክንመልሶ ይግብአና። ምናልባት ሰባት አብ ጎንና አብ መገዲ ጸጋም እንተ አለዉ እውን ሓፍተይ/ሓወይ አብ የማን ተመለስ ክንብል እዋኑ እዩ። ነዚ ክንገብር ድፍረት ትብዓት ቅድስና ለቢስና እምበር ንርእስና አብ ጸልማት እንከሎና ብዛዕባ ብርሃን ክንዛረብ አየማዕርገልናን እዩ።

ቅ. ጴጥሮስ መዓልቲ ጎይታ ግና ኸም ሰራቒ ኾይና ኽትመጽእ እያ. . . . ስለዚ እንታይ ዝዓይነቶም ሰባት ኢኹም ክትኮኑ ዚግብአኩም? ንታ አምላኽ ዝመጸላ መዓልቲ እናተጸበኹምን እናአቀላጠፍኩምን ብቕዱስ ሕይወትን ብፍርሃትን እግዚአብሔርን ክትነብሩ እዩ ዝግብአኩም. . . ንሕና ግና ሓዲስ ሰማይን ሓዲሽ ምድርን ንጽበ አሎና” (፪ጴጥ 3፥10-ፍ) እናበለ ሞት ከመይ ኢላ ከም እትመጽአናን ብኸመይ ተሰናዲና ክንጸንሓ ከምዘሎና ይነግረና። . . ነዚ እና ተጸቢኹምሲ ብዘይ ነውርን ብዘይ መንቅብን ምስኡ ሰላም ዘለኩም ኮንኩም ክትርከቡ ተጋደሉ ይብለና። አምላኽ ክም ምሕረቱ እምበር ከም በደልና አይከደናን ኩሉ ጊዜ ብትዕግስቲ አብኡ ክንምለስ ይጽበየና። ከምቲ አብ ሉቃስ 15 እነንብቦ ንኹልና ዓለም ውሒጥና አብኡ ክንምለስ ጸጊሙና እንከሎ ወደይ ጓለይ ሎሚዶ ጽባሕ ይምለሱኒ ይኾኑ እናበለ ይጸበየና አሎ።

## ጊዜ ጾም ጊዜ ምምላስን ጊዜ ንስሓን እዩ፡

ዝዓበየ መልእኽቲ ጾም አርብዓ አብ አምላኽ ክንምለስ መገድና አብቲ ክርስቶስ ዝደልዮ ክንጉዓዝ እዩ። ነፍስወከፍ አማናይ አብ መእዲ ንስሓ ክአቱ ሎሚ አፍደገ ተኸፊቱ ክንአትዎ ንሕተት አሎና። እናሰማዕና ከምዘይሰማዕና እና ረኤና ከምዘይረኤና ኮና አይንኸድ። ደቂስና እንተ አለና ንበራበር፥ ተጋጊና እንተ አሎና ንመለስ፥ ጠፊእና እንተሎና ዓዲ ንእቶ።

ካብቲ ካብ አምላኽ ከዊሉ አብዘይ ገዛናን ዓድናን ሒዙና ዘሎ ግብሪ ጸልማት ክንወጽእ እሞ ክንምለስ እዋኑ እዩ። አብ ገለ እዋን ክትምለስ መገዲ ክትፈልጥ አድላይ እዩ። ንዓመታት ዘይከድካዮ መገዲ ክትፈልጦ ቀሊል አይኮነን። ንመገዲ አምላኽ ልምምድ ክነጥሪ እዋኑ እዩ። ጾሞና ለቢስና ክንጽሊ፥ ናይ ምሕረት ስራሕ ክነዘውትር፥ ካብ ዝኾነ ኃጢአት ክንወጽእ ክንውስን፥ እንከሎና ነቲ መገዲ ተተሓሒዝናዮ አሎና ማለት እዩ።

ኃጢአትና ተአሚና ክንክእል አሎና። አብ ውሽጥና አቲና ንዘሎና ድኽመት ክፍአት ኃጢአት ተአሚና ክንናዘዝ። ንብዙሓት ሎሚ ምስጢረ ኑዛዜ ጠፊእዎም ሓንቲ ኃጢአት ከምዘይብሎም ኮይኖም ዝነብሩ አለዉ። ብኃጢአትኩም ተአሚንኩም ተነስሑ ይብለና አሎ ክርስቶስ ጎይታ። ልብና ክልስልስ እንተ ኸአለ ጥራሕ ኢና ክንሳሕ እንኽእል ልብና ደረቑ ከም ከውሒ ተሪሩ እንተሎ ክንሳሕ ከቢድ እዩ ስለዚ ጭካኔ መንፈስ ሓዲግና አብ ርሕሩሕ አምላኽ ንመለስ።

አብ እምባ ሕይወትና ደይብና ነቲ ከአልኩሉ ዝኾነ አምላኽ ክነዕልሎ ክንሰምዖ ፍቓደኛታት ኮና ንረኽብ እሞ ሽዑ ዝመጸ እንተ መጸ አይከሰንብደናንን እዩ። ሰብ ዝስንብድ ከይተሰናደወ ክጸንሕ እንከሎ እዩ። ክርስቶስ ልብኹም አይሸበር አነ ምሳኹም አሎኹ ይብለና አሎ ስለዚ ከይተረበሽና አብ አምላኽ ንጽናዕ።

አምላኽ ጸግኡ አውሪዱ አብ እምነቱን ፍቕሩን እንጸንዕ ይግበረና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ